# ኤርትራውያን ኢና

ኣሸሐት ህዝብና ብኽፍኣት ዘባረረ
ዓበይትን ሕጻናትን ዘጋፍዕ ዝነበረ
ንብረቶም ጥሪቶም ወሪሱ ዝሃገረ
ሕማቕ ታሪኽ ክገብር ዝተፈጥረ
ይፍለጦ ሕጂ ጣዕሚ ናይቲ ዔረ
እቶም ብኤርትራዊ ዓይንና ዝጸልኡና
ብሕልሞም ዓበይቲ ክኾኑ ኣብካባቢና
ተመኪሖም ጨዲሮም ውሑዳት ብምኻና
ንፍጥረትና ኣጥፊኦም ክብሕቱ ንሃገርና
ክንደይ ፈኪሮም ተጃሂሮም ኣብዓለምና

ንሕና ግን ኣይፈራሕና እኳድኣ ገሪሙና
የማን ጸጋም ሸምሺምናዮም ዓወት ተኸዲና
ንድሕሪ ሕጂ ይፍለጥዎ ሐቂዩ ዕጥቅና

ብስም ዲምክራሲ ብሸቐጥ ክትነብር
ንስራሕ ንዒቓ ለሚና ክትሐድትር
ብሐሶት ኣታሊላ ንንገር ክትስሕጥር
ንፍርዲ ነጺጋ ኣብ መሬትና ክትሰፍር
ከምዘይንቕበሎ ሕሉፍ ታሪኽናዩ ምስክር
ወያኔ ብበዓል መለስ ትምራሕ ከርፋሕ
ዘይከውን ክሐልሙ ክፍኣት ጥራሕ
ሐቂ ተቐልቂላ ሕጂ ኣበይ ትብጻሕ
ክትኣስር ክትቀትል ዓይቢ ይኹን ቆልዓ
ዘይከውን ክትዛረብ ንጎይትኣ ጸዊዓ
ተወዲኡ ኡኡ ይበላ ይብከያ ሐገዝትኣ

እቲ ዘገርም በዓል ዓናኖ ባንኪ ክኣየዩ
ንስልጣኑ ከድሕኑ ንዓመታት ክዝትዩ
ንግሆ ምሸት ብሓባር ኣብ ጸሎት ከምስዩ
ይፍለጥዎ ሕጂ እቲ ሐቂ ዘይቅየር ሐቂዩ
ሐገዝታ ደም ይንብዑ ኤይ ኤይ ይብከዩ
ጉዳይ ወያኔ ተወዲኡ ኣንሚ ተዓጽዩ
ንባድመና ምግባት ሞት ጥራሕዩ ትርፉ

ወያኔ ክትበኪ ሐዚሎም ክብልዋ እሽሩሩ
ቀቢጸ ተስፋ ዘተ ኣብ ባሉን ክጅምሩ
ዘይፈተንዎ ኣይነበረን ዘይከውን ክገብሩ
ዘይሚዛን ስርሖም ተበቲኹ ተወዲኡ ሐሪሩ
ተግባር ያማሙቶ ኣንሚ ወዲቑ ተሰይሩ

ኤርትራውያን ኢና ኣጸቢቕም ይፍለጡና
ዔረ እንዳጠዓሞም ይጸውዕዎ ንስምና
ብድሙቕ ሕብሪ ጽሒፎም የንቡቡና
ደቂ ጽንዓት ሰብኒሕ ዘይንሰዓር ምኻና
ሐደልቢ ሐደደምዩ መትከል ሐድነትና
ንሕና ንዕምር ንበዝሕ ንስስን ሐቂ ሒዝና
እምነት ራእይ ጽንዓት ቃልሲዩ ስጉምትና
ኣፍሪቃውያን የንብብዎ ነቲ መጽሐፍ ጉዕዞና
ደቂ ሐሶት ክጠፍኡ ንኹሉግዜ ካብከባቢና
ሰላም ራህዋ ፍቕሪ ከስተንፍስ ሐባራዊ ህዝብና

ዓወት ንሐፋሽ
ብርሃነ ገብረመስቀል
06.08.2008